<u>በርሀ ዓንደ ማርያም ዝተባህለ ኣካያዲ ስራሕ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ</u>

<u>ብትካል ጸጥታ ህግደፍ ከም ዝተኣሰረ ተሓቢሩ።</u>

ትካል ጸጥታ ጉጅለ ህግደፍ፡ ከም'ቲ ልሙድ ምኽንያቱ ከይተፈልጠ፡ ቅድሚ ክልተ ወርሒ ኣቢሉ ንኣካያዲ ስራሕ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣሲርዎ ከም ዘሎ ዝተፈላለየ ማዕከናት ዜና ኤርትራውያን ጸብጺበን።

ህግደፍ ኣብ ዝመርሓ ዘሎ ሃገረ ኤርትራ፡ ሰባት ጸላም ከውሊ ገይርካ፡ ቀትሪ ድማ ብማስኬራ ገጾም ብዝተሸፈኑ መንነቶም ብወግዒ ዘይፍለጡ፡ ግን ከኣ ብትካል ጸጥታ ከም ዝተላእኩ ህዝቢ ካብ ተመክሮኡ ዘይደናገረሎም፡ ምኽንያት መእሰሪ፡ መንነት ከሳስን ተኸሳስን፣ ብግልጺ ናብ ነጻ ቤት ፍርዲ ዝቐርብሉ ሕጋዊ መስርሕ ኣብዘይብሉ፡ ብዊንታ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቅን መጋበርያኡን ህይወት ብዙሓት ዜጋታት ይጠፍእ ምህላውን እተን ማዕከናት ዜና ኣረጋጊጸን።

<u>ምንቅስቓስ ሑቱ ናብ ደሴት ዝቑር ምሳይል ከም ዝተኮሰ ተፈሊጡ።</u>

ኣንጻር'ቲ ብኣላይነት ስዑዲ ዝምራሕ ኪዳን ምሉእ ደገፍ ዘለዎ መንግስቲ የመን ዝዋጋእ ዘሎ ምንቅስቓስ ሑቲ፡ ናብ'ታ ኣብ'ዚ ወቕቲ'ዚ ከም ወተሃደራዊ መዓስከር ስዑዲያን ሕቡራት ዒማራትን ኮይና ተገልግል ዘላ ኣብ መንጎ ኤርትራን የመንን እትርከብ ደሴት ዝቑር ምሳይል ከም ዝወንጨፈ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ ትብል ረድዮ ኤረና፡ ብ3 ለካቲት 2017 ኣብ ዝዘርገሓቶ ዜና።

ምንቅስቓስ ሑቲ ብዘይካ'ዚ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዋንነታ ናይ ስዑዲ ዓረብ ዝኾነት፡ ዓባይ ወተሃደራዊት መርከብ፡ ብሰለስተ ኣናእሽቱ ጀላቡ ኣብ ከበባ ብምእታው ከም ዘቃጸላ፡ ብውሑዱ ክልተ ስዑዳውያን ወተሃደራት ከም ዝተቐትሉን ንማዕከናት ዜና ወሽመጥ ብምጥቃስ ዝጸብጸበት ረድዮ ኤረና፡ ስዑዲ ዓረብን ሕቡራት ኢማራትን፣ ኣብ ደሴታት ኤርትራን የመንን ግዝያዊ ወትሃደራዊ መዓስከር ኣቚመን ከምዘለዋ'ውን ወሲኻ ኣረዲኣ።

<u>ብሰሪ ግዕዘይ ምሕደራን ንሱ ዝወለዶ ምድኻም ምምሃርን ምስትምሃርን ብዙሓት</u>

<u>ኣብ ሞያ መምህርና ዝነጥፉ ዝነበሩ ኤርትራውያን ናብ ስደት ይውሕዙ ከም ዘለው ተፈሊጡ</u>

ኤርትራውያን መማህራን ጸረ-ህዝቢ ምሕደራ ህግደፍ ብዝፈጠረሎም ምረት፡ ምድኻም ስርዓተ ምምሃርን ምስትምሃርን ከምኡ'ውን ውድቀት ሞያ መምህርናን ክብሪ መነባብሮን ተደማሚሩ፡ ኣብ ሞያኦም ጸኒዖም ዝቕጽልሉ ተስፋ ስለ ዝጸልመተ፡ ልክዕ ከም'ቶም ካልኦት ዜጋታት ብውልቀ ብእኩብን ናብ ስደት የምርሑ ከምዘለውን ረድዮ ወጋሕታ ብ31 ጥሪ 2017 ጸብጺባ።

ብመሰረት ጸብጻብ ረድዮ ወጋሕታ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ 3 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም 7 መማህራን ካብ ከባቢ ሰንዓፈ፡ 13 መማህራን ድማ ካብ ከተማ ማይምነ ብዝተወደበ ኣገባብ ናብ ጎረቤት ሃገር ኢትዮጵያ ከም ዝሰገሩን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

## <u>ስዊትዘርላንድ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝጸንሓ ኣተሓሕዛ ከተትርሮ</u>

## <u>ሓደ ቤት ፍርዲ ናይ'ታ ሃገር ጸዊዑ።</u>

**እቲ ቤት ፍርዲ ካብ ሕጂ ንደሓር ካብ ኤርትራ ተበጊስካ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ኣብ ስዊትዘርላንድ ኣቲኻ ፖለቲካዊ ዕቑባ ምሕታት ንበይኑ እኹል ከምዘይኮነ ብምንጻር፡ ብዘይ እኹል መጽናዕቲ ክኸይድ ዝጸንሐ መስርሕ ምቕባል ፖለቲካዊ ዕቑባ ጌጋ ከም ዝኾነን ኣፍሊጡ።**

**ነቲ ቤት ፍርዲ ዘውጸኦ መግለጺ መሰረት ብምግባር ብማኸናት ዜና ዝተቓለሐ ሓበሬታ ከም ዘነጽሮ፡ ካብ'ቶም ኣብ ስዊትዘርላንድ ፖለቲካዊ ዕቑባ ሓቲቶም ኣወንታዊ መልሲ ዝረኸቡ ኤርትራውያን ናብ ኤርትራ ዝመላለሱ ከም ዘለው ኣብ ግምት ብምእታው መንግስቲ ስዊትዘርላንድ ኣብ ኣተሓሕዛ ስደተኛታት ዝጸንሖ ፖሊሲ ከስተኻኽል ይግባእ ኢሉ።**

**ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 06**-02-2017